# ዕዉት ሰለማዊ ሰልፊ ኣብ ሎንዶን።

ብመሰረት እቲ ኣቐዲሙ ብዑስባት ህግደፍ ክጉስጎሰሉ ዝቐነየ ብስም “ህዝባዊ መኸተ” ዝፍለጥ ዝምታን ዘረፋን ኣመልኪቱ ዝተጸውዐ ኣኼባ ኣምባሳደር ተስፉሚካኤል ገራህቱ ብሰንበት ዕለት 04 ግንቦት 2008 ዓ-ም ተኻይዱ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ከምቲ ኣቐዲሙ በቶም ደቂ ውሻጠ ዝባሃሉ ብታሕቲ ታሕቲ ከውርይዎ ዝቐነዩ ንውጽኢት “ህዝባዊ መኸተ” ዝምልከት፣ ነቲ ገለ ኤርትራውያን ብሰንኪ ኣብ ዓዲ ዘሎ ንብረቶም ጅሆ ዝተታሕዙ ብስክፍታ ክንደይ ኮን ክስልዑልና ኢዮም ኢሎም ከብዶም ሓቑፎም ዝቐነዩ ከረጋግኡ ድሕሪ ምጽናሕ ሕጂ ግን ድሮ እቲ ግዜ ኣኺሉ ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ስራሕ ዘለዎ ክልተ ሚኢቲ ፓውንድ፣ ስራሕ ዘይብሉ ሓደ ሚኢቲ ፓውንድ፣ ንተማሃሮ ክኣ ሓምሳ ፓውንድ ኢሎም ሰሊያምሎም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ'ሎ። ጎኒ ጎኒ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መደብ ዝምታ ነዚ ብሰንኪ ኣዕናዊ ፖሊስኡ ናብ ዕንወቱ ዝምርሕ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ጃንዳ ብምቅዋም ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ እንርከብ ኣባላት ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ግዱሳት ዜጋታትን ብምትሕብባር፡-

* ናይ ህግደፍ መኸተ ህዝቢ እናሞተ፣
* ኣይፋልናን ንኲናት፣
* ሰላም ኣብ ውሽጥና ሰላም ምስ ጎረባብትና፣
* ቅዋማዊ መንግስቲ ይመስረት፣
* ናይ ፖሎቲካ እሱራት ይፈትሑ፣
* ናይ እምነት እሱራት ይፈትሑ፣ ወዘተ ዝብሉ ጭርሖታት ብምሓዝ ካብ ሰዓት 04፡00 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 07፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ቀጽሪ እቲ ናይ ጥፍኣት ጃንዳ ኣኼባ ዝገበረሉ ቦታ ተረኺብና ብትብዓት ተቓውሞና ገሊጽና ብዓወት ዛዚምና። በዚ ኣጋጣሚ ንሕና ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ እንርከብ ተቓወምቲ እዚ ተሰሊዑ ዘሎ ገንዘብ ነዚ ንህዝብና ደም ዘንብዕ ዘሎ ኣረሜን ስርዓት ትልኽ መበሊ ስለዝኾነ ብስም እቲ ውጹዕ ህዝብና ንኸይትኸፍሉ ኣጥቢቕና ንምሕጸነኩም ፤ ታሪኽ ውን ከይሓተኩም።

ጥርናፈ ሓይሊ'ዩ!
ኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ።
05 ግንቦት 2008
ሎንዶን።